መጽሓፍ ቅዱስ ንህጻናት



# ሲምሶን ሓያል ናይ ኣምላኽ ሰብ

ጸሓፊ ፡- Edward Hughes

ገላጺ ፡- Janie Forest
Alastair Paterson

ኣወሃሃዲ፣ Lyn Doerksen

ትርጉም ፥ Daniel Efrem

ኣባዛሒ፡- Bible for Children
www.M1914.org

©2021 Bible for Children, Inc.
ፍቓድ፣ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቑድ እዩ።
ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፣

ቅድሚ ነዊሕ ዓመታት፡ ኣብ እስራኤል ማኖኣ ዝብሃል ሰብኣይ ነበረ። ንሱ ምስ ሰበይቱ ዋላሓደ ቆልዓ ኣይነበሮምን። ሓደ መዓልቲ ንሰይቲ ማኖኣ መላኽ ተራእያ። " ንዓኺ ሓደ ፍሉይ ቆልዓ
ክህልወኪ እዩ" ድማ በላ።



ንሳ ንሰብኣያ ኩሉ እቲ መልኣኽ ዝበላ ነገረቶ። ንሱ ድማ ከምዚ ኢሉ ጸለየ፡ "ኦ ጎይታ ... ደጊምካ ምልኣኽካ ስደደልና። ከመይ ከም እነዕብዮ ድማ ይምሃረና" በለ።





እቲ መልኣኽ መጺኡ ድማ ንማኖኣ እቲ ቆልዓ ጸጕሩ ክቁረጽ ከምዘይብሉ፡ ዝኮነ መስተ ይኹን ዘይንጹህ መግቢ ውን ኣብ ኣፉ ከይኣቱ ነገሮ። ኣምላኽ ነዚ ቆልዓ ኣብ እስራኤል ፈራዲ ክኸውን መረጾ። ንሱ ንእስራኤል ክመርሓ እዩ።





ህዝቢ ኣምላኽ ኣብዚ ስዓት ረድኤት የድልዮም ኣሎ። ንሳቶም ንኣምላኽ ኣብ ህይወቶም ረሲዖምዎ እዮም፡ ብኸምዚ ድማ ብጸልእቶም ፍልስጤማውያን ይዕመጹ ነበሩ። ናብ ኣምላኽ ምስ ጸለዩ ድማ ሰምዖም። ኣምላኽ
ነዚ ህጻን ድሒሩ ናይ ዓለም ዝሓየለ ሰብ ዝኾነ ሰብኣይ ሃቦም።

ብኸምዚ ድማ እታ ሰበይቲ ቆልዓ ወለደት፡ ሲምሶን ኢላ ድማ ሰመየቶ፡ እቲ ቆልዓ ድማ ዓበየ፡ ኣምላኽ ድማ ባረኾ።
መንፈስ
ኣምላኽ ድማ ኣብኡ ክመላለስ ጀመረ። ሲምሶን ኣዝዩ ሓያል ስብኣይ ኮነ።
ሓደ መዓልቲ ውን ንሱ ብኢዱ ምስ  ኣንበሳ ተባእሰ. ቀተሎ ውን!





ብድሕርዚ ድማ
ሲምሶን ኣብቲ ዝሞተ
ስጋ እቲ ኣንበሳ ዝነበረ
ቆፎ፡ናይ ኣናህብ መዓር ረኸበ እሞ
በልዖ። ካብዚ ተበጊሱ ድማ ሕንቅል ሕንቅሊተይ
ኣውጽአ፡ "ካብ በልዒ ብልዒ ወጸ፡ ካብቲ ሓያል
ድማ ጥዑም ወጸ" በለ። ዋላሓደ ሰብ ድማ ትርጉማ
ኣይፈለጦን - እታ ፍልስጤማዊት ሓዳስ ሰበይቲ
ሲምሶን ግና ንኣዕሩኽታን መሓዙታን ነገረት። በዚ ድማ
ሲምሶን ሓቆጠበ።

እዚ ከይኣክል ድማ እቶም ፍልስጤማውያን ነታ ሰበይቱ፡ ንካልእ ዓርኩ ሰበይቱ ክትከውን ምስሃብዎ ኣዝዩ ተቖጥዐ። ናይዚ ኩሉ ድማ ሕነኡ ክፈዲ ደለየ። ግን ብከመይ ሕነኡ ክፈዲ እዩ!? መጀመርያ ሲምሶን 300 ወኻሩ ሒዙ፡ ድሕሪኡ ድማ በብክልተ ብጭራኦም ኣተሓሓዞም ድሕሪኡ ሓዊ ድማ ኣብ መንጉኦም ገበረ።



ብድሕሪዚ ሲምሶን ኣብቲ ናይ ፍልስጤማውያን እኽሊ ዝነበሮ ግራውቲ ፈነዎም!



በዚ ድማ እቶም ፍልስጤማውያን ሕንኡም ክፈድዩ ደለዩ። ኣብዚ ግን ሲምሶን ባዕሉ ነቶም ፍልስጤማውያን ንኽቀጥልዎ ተታሕዘሎም።



ኣብዚ ኩነታት ከሎ ድማ መንፈስ
ኣምላኽ ወረዶ እሞ ነቲ ገመድ
ተኣሲሩሉ ዝነበረ ብንጥስጥስ ኣቢሉ፡
ብናይ ሽዕኡ ዝሞተ መንጋጋ ኣድጊ
1000 ጸላእቱ ቀተለ።



ሓደ ምሸት ድማ እቶም ፍልስጠማውያን፡ ሲምሶን ክሳብ ዝኣቱ ተጸብዮም፡ ምስ ኣተወ ምዕጹ እታ ከተማ ዓጸውዎ። ሲምሶን ግና መጺኡ ምዓጹ ናይታ ከተማ ሞንቂሱ ኣብ ሞንኮቡ ተሰኪምዎ ከደ! ብጣዕሚ ዝገርም እዩ!



ሲምሶን ግና ንኣምላኽ ኣይትኣዘዘን። ኣምላኽ ሓይሊ ዝሃቦ ክሳዕ ንዕኡ ዝተኣዘዘ ጥራይ እዩ። ሓደ መዓልቲ ሲምሶን ምስጢር እቲ ሓይሉ ን ደሊላ ትብሃል ምልክዕቲ ፍልስጤማዊት ሰላይት ነገራ። ንሳ ድማ ሓይሉ ኣብ ጸጉሩ ምኳኑ ምስ ፈለጠት፡ ንሱ ምስደቀሰ
ሓደ ሰብኣይብ ጸውዓ
ጸጉሩ ላጸየቶ።





እቶም ፍልስጠማውያን ድማ ኣብ መደቀሲ ናይ ደሊላ መጹ። ሲምሶን ድማ ብሓይሊ ክቃለሶም ጀመረ - ግና ኩሉ ሓይሉ ኣይነበረን። ብድሕሪ እዚ ድማ ኣዒንቱ ጎጥጒጦም ኣውጽዎ።



ድሕሪዚ ድማ
ሲምሶን ሓይሊ
ዘይብሉ ዝዓወረን
ባርያ ናይ
ፍልስጤማውያን
ኮነ። ንሳቶም ድማ
ነቲ ናይ ኣምላኽ
ሰብ ክላገጹሉን
ክስሕቅዎን ጀመሩ።

እቶም ፍልስጤማውያን ድማ በዓል ነበሮም። ንዳጎን ኣምላኾም ድማ ንሲምሶን ኣብ ኢዶም ኣሕልፉ ስለዝሃቦም ኣመስገንዎ። ኣብቲ ቤት መቅደስ ድማ ሰተዩን ተሓጎሱን። ድሕርዚ ድማ ንሲምሶን ከዘናግዕም ጸውዕዎ።



ሓደ ቆልዓ ድማ ንሲምሶን ናብቲ በዓል ኣምድኦ፡ ኣብቲ ዓንድታታት እቲ ቤት መቅደስ ዝነበሮ ድማ ደው ኣበሎ። ኣብ ላዕሊ ክፍሊ እቲ ቤት  ኣስታት 3000 ሰባት ኣብቲ ታሕቲ ድማ ኣዝዮም ብዙሓት ሰባት ይዕዘቡ ነበሩ።





ናይ ሲምሶን ጸጉሪ ድማ ኣብቲ ዝነበሮ ቤት ምእሰርቲ ክነውሕ ጀመሩ ነበረ። ከምዚ ኢሉ ድማ ናብ ኣምላኽ ጸለየ፡ "ኦ ጎይታ . . . ሓንቲ ግዜ ጥራይ ኣበርትዓኒ፡ ሓንሳእ ናይ ክልተ ኣዕንተይ ሕነ ክፈዲ" በሎ።





ኣምላኽ ግን ሲምሶን ሓይሊ
ይህቦ'
ዶ ይኽውን? ሲምሶን ነዚ
ዘይከኣል
ነገር ይገብሮ'ዶ ይከውን? እወ!
እወ! ብሓይሊ ደፊኡ ወርወሮ፡
ብኽምዚ ድማ እቲ ኣዕኑድ
ተሰባበረ። እቲ ናይ
ዳጎን ቤት መቅደስ ድማ
ከምዘይነበረ ኮነ፡ ብዙሕ
ኣሽሓት ህዝቢ ድማ
ሞቱ - ሲምሶን ውን
ምስኦም ሞተ!

# ሲምሶን ሓያል ናይ ኣምላኽ ሰብ

## ዘንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

## መሳፍንቲ 13-16

”ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።” መዝሙር 119፣130


መፈጸምታ

እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ መደነቕ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝነግር፣

ቃል ኣምላኽ ኩልና ሓጢእና ክብሪ ኣምላኽ ከም ዝሰኣና
ይነግረና፣ ዓስቢ ሓጥኣት ሞት እዩ። ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና
ብየሱስ ክርስቶስ ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ፣ ንሕና ገና ሓጥኣን
ከሎና ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ ኣምላኽ ኣታ ፍቕሩ ንኣና ብዚ
የርኢ ኣሎ፣ እንተ ንየሱስ ክርስቶስ ከም
ጎይታናን መድሓኒናን ተቐቢልናዮ ንሱ ካብ ኩሉ ሓጥያትናን
ኣበሳናን እቅረ ክብለልና እሙንን ጻድቕን እዩ፣

ኣምብኣረይ ሕጂ እዚ ጸሎት እዚ ብሓባር ንጸሊ!
“ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓጥያተይ ይእመን ኣለኹ። የሱስ
ወዲ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ሓጥያተይ ከምዝሞተለይን ካብ ምውታት ድማ
ከም ዝተንሰኣን እኣምን ኣለኹ፣ ኦ ጎይታ የሱስ ካብ ኩሉ ሓጥያተይ
ምሕረት ክትገብረለይን ሓድሽ ሂወት ክትህበንን ይዕድመካ ኣለኹ፣ ካብዚ
ሰዓት ጀሚረ ውሉድ ኣምላኽ ክኸውን መሰል ስለ ዝሃብካንን ሓድሽ
ፍጥረት ስለዝገበርካንን የመስግነካ ኣለኹ፣” ኣሜን፣

ቃል ኣምላኽ ነንብብ ምስ እግዚኣብሄር ድማ ኩሉ ሳዕ ንዘራረብ! የውሃንስ 3::16